# Asthma Control

ኣዝማ ጸገም ናይ ምትንፋስ ዘስዕብ ክኸውን እንከሎ፡ ከም ምስዓል፡ ሕጊግ ዝብል ትንፋስ፡ ሕጽረት ትንፋስ ወይ ከም ምጭባጥ ጭዋዳታት ኣፍ-ልቢ ዝኣመሰሉ ምልክታት ከተስዕብ ዝከኣል እዩ።

**ንኣዝማይ ሕጂ ኣብ ትሕቲ ቊጽጽር ክእትዋ እኽእል እየ!**



እቲ ንኣዝማኻ ንኽትቈጻጸራ ከተተግብሮ ዝግባእ ቀሊል ቅደም-ተኸተል እዚ`ዩ፡-

1. ብዝተኻእለካ መጠን ካብ`ቶም ዘለዓዕሉልካ ጠንቅታት ምርሓቕ
2. መድሃኒታትካ ብኸመይ ከምዝሰርሑን መዓስ ከምእትጥቀመሎምን ፍለጥ
3. ብግቡእ ሜላ ግቡእ መሳርሒ ተጠቐም
4. ብናይ ትግባረ ውጥንካ ተቐየድ

ኣዝማ ብግቡእ ኣብ ትሕቲ ቊጽጽር ውዒላ ክትበሃል ዝከኣል፡-

- ናይ ቀትሪ ምልክታት ምስዘይህልዉኻ
- ናይ ለይቲ ምልክታት ምስዘይህልዉኻ
- ኣብ ኣካላዊ ምንቅስቓሳትካ ድሩት ምስዘይትኸውን
- ካብ ቤት-ትምህርቲ ድዩስ ካብ ስራሕ ምስዘይትበኩር
- ሳሕቲ ኣካላዊ ምንቅስቓስ ኣብ እትገብረሉ እዋን እንተዘይኮይኑ፡ መፀገሲ መድሃኒት ክትጥቀም ምስዘይትግደድ

## ኣዝማ ንህይወትና ክትቈጻጸሮ ኣይግባእን።

## ንኣዝማና ሕጂ ኣብ ትሕቲ ቊጽጽር ክነእትዋ ዝከኣል እዩ!

ነዚ ቀሊል ቅደም ተኸተል ንዘክሮ




| | | | | | | |
|---|---|---|---|---|---|---|
| **1.** ካብ`ቶም ዘለዓዕሉልካ ጠንቅታት ምርሓቕ | + | **2.** መድሃኒት ምጥቃም | + | **3.** ንወሃቢ ትንፋስ ብቕኑዕ ኣገባብ ንጠቐመሉ | = | ኣዝማና ምቊጽጻር |